ድራማ ን ፊልም ን

ብ መም ጠዓመ ኣረፋይነ

- ትያትር ካብ ናይ ግሪኽ”ትያትሮን” ዝብል ቃል ዝወጸ ኮይኑ “መርኣዩ ቦታ ወይ ከኣ ምርኢትዝካየደሉ ቦታ ማለት እዩ።

- ኣብ መንጎ ድራማን ፊልምን ዘሎ ፍልልይ ቅድሚ ምርኣይና ግን ነዞም ክልተ ኣምራት ነፍስወከፈን ከነብርሀን ክንፍትን።

ድራማ ትብል ቃል ናይ ጥንታዊት ግሪኽ ኮይና ተግባር ወይ ምንቅስቓስ (Action) ተስምዕ። ድራማ ኣብ መድረኽ ብቐጥታ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ብተዋሳእቲ ዝግበር ንጥፈታትን ምንቅስቓሳትን ክሽፈን እንከሎ፣

- ፊልም ድማ እቲ ዛንታ ብተንቀሳቓሲ ስእልታት ክግለጽ እንከሎ ማለት'ዩ። እቲ ፊቶግራፍያዊ ስእልታት ብ ካሜራ ተቐሪጹ ግቡእ ኣርትዖት (Editing)ተገይርሉ ዘድሊ እንተኾይኑ'ዉን“visualeffect”ተወሲኽዎ (መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሲነማ) ንተዓዛቢ ዝቐርብ ስነጥበባዊ ስራሕእዩ።

ብሓቂ ኸ ኣብ መንጎ ድራማን ፊልምን ፍልልይ ኣሎ ድዩ?

- ዳርጋ ኩሎም ኪኢላታትዚ ዓዉዲ ዝሰማምዕሉ ኣብ መንጎ'ዞም ክልተ ዓይነት ስነ ጥበብ ኣብ ገለ እዋን ናብ ኣንጻርነት ዝኸይድ ፍልልይ ኣሎ። ነፍስወከፎም ናይ ገዛእ ርእሶም መለክዒ ፍርድን ሕጋጋትን ኣለዎም።
- ናይ ፊልም ታሪኽ ንድሕሪት ምልስ ኢልና እንተተወኪስና ካብ ድራማ እዩ ዝብገስ። ፊልም ካብ ድራማ'ዩ ዝምገብ ዝብል ኣበሃህላ'ዉን ካብ ብዙሓት ወገናት ሰፊሕ

- ኣብ ድራማ ተዓዛቢ ኣብታ ቀዋሚት መንበሩ ተቐማጢ ኩሉ እቲ ኣብ መድረኽ ዝግበር ምንቅስቓሳት ብደቂቕ ከስተዉዕል እንከሎ፡ ተዋሳኣይ ከኣ ንተዓዛቢ ኣብ መድረኽ ተዋስኦ ዘይኮነ ኣብ ክዉንነት ከም ዘሎ ክእምንዝገብሮ ዘይድልን ዝተጋነን ምንቅስቓሳትን፡ ምኽፋትን ምዕጻዉን ናይ ኣፍ፡ ነቲ ኩነታት ክዘርጎ ይኽእል’ዩ ንኣብነት፣የሚስት ያለህ

- ኣብ መድረኽ ድራማ ዘሎ ነገራት ኩሉ ባህርያዊ ኣይኮነን ንኣብነት፡ ናይ ገጠር ድራማ ክትሰርሕ እንተኾይንካ ድሕረባይታ(back ground) ናይቲ መድረኽ ህድሞ ወይ በረኻን ኣግራብን ትገብሮ።
- ኣብ ፊልም ግን ኩሉ ባህርያዊ’ዩ ከምዚ ኣብነት ወሲድናዮ ዘለና እንተኮይኑ እታ ፊልም ናይ ገጠር እንተኾይና ብኣካል ኣብቲ ቦታ ኬድካ ‘ዩ ዝሰኣል።ንኣብነት፣ መረገኛ & ወርቂ ውሽጢ

- ፊልም ብካሜራ ስለ ዝሰኣል እቲ ዝተመርጸን ብዝግባእ ኣርትዖት ዝተገብረሉ ስእልታት እዩ ኣብ ዓይኒ ተዓዘብቲ ዝበጽሕ ።
- ፊልም ማለት ተንቀሳቓሲ ስእሊ ጥራይ ኣይኮነን፡እቲ ተወሲዱ ዘሎ ስእልታትን ቅላዓትን(shots) ምስቲ ቅድሚኡን ዝነበረን ድሕሪኡ ዝመጽእን ፍጹም ዉህደት ክህልዎ ኣሎዎ ።

- ኣብ ድራማ ብዓይኒ ተዓዛባይ፡ እታ መድረኽ ልክዕ ከም “**ዓለም**” እያ፡ ተዓዛቢ ነታ መድረኽ ብዘይ ዝኾነ ለዉጢ ከም ዘላታ እዩ ዝቕበላ።ኣብ ፊልም ግን ተዓዛቢ ወላ’ኳ ብኣካል ኣብ ሓንቲ ዘይትንቀሳቐስ መንበር ኮፍ ኢሉ እንተሃለወ፡ በኣዒንቱ ዘይኮነ ብዓይኒ ለንስ ናይታ ካሜራ ስለ ዝርኢ ብስሚዒትን ስእለ ኣእምሮን ናብ ኩሉ ኣንፈትን ኩርናዓትን እዩ ዝጓዓዝ።

- ኣብ መድረኽ ድራማ ዝግበር ኩሉ ነገር፡ ቅዳሕ ናይቲ ኣብ ህይወት ዘሎ ክዉንነት እዩ ዝመስል።ሽ
- ኣብ ፊልም፡ ተዓዛቢ ክንዲ ዝተራቐቐ ይራቐቕን ይማዕበልን ካሜራ ትሕሱ ኮይኑ ኣይስምዖን እዩ፡ ስለዚ ፊልም ቅዳሕ ናይ ህይወት ዘይኮነ፡ ንህይወት ብገዛእ ርእሳ ዘስተማቕር ዘሎ ኮይኑ ዝስምዖ።ንኣብነት the Hicher

- ኪኢላታት ንስነጥበባዊ ስራሓት ኣብ ነገራዊ ስነጥበብ፡ ን ምርኢታዊ ስነጥበብን (object art and performance art) ይሸፍልዎ።
- ነገራዊ ስነጥበብ ንከም በዓል ፊልም፡ቅብኣ ከጠቓልል እንከሎ ምርኢታዊ ስነጥበብ ድማ ንድራማ፡ ሙዚቃ(ብፍላይ ኦፔራ) ይሓቑፍ።
- ስለዚ ሰባት ኣብዚ ተሞርኪሶም ከከም ጣዕሚ ምስትምቓሮም “ፊልም ይበልጽ” ኣይፋሉን” ድራማ ባ ይበልጽ” እናበሉ ነናቶም ርእይቶታት ይህቡ።

- ኣብ ፊልም እቲ ዘሎ ቴክኖለጂ ኮነ ኣቀዳድሓ፡ ኣብ ኩሉ ዳርጋ ሓደ ዓይነት ክኸውን እንከሎ ኣብ ድራማ፡ ግን ምርኢታትን ኣገባባት ኣወሳስኣን ካብን ናብን ዝተፈላለየ እዩ።
- ኣብ ፊልም ኩሉ ነገራዊ’ዩ። ኣብኡ ዘሎ’ዉን ህይወት ዘለዎ ኣይኮነን። ካልእ ኣብ ፊልም ኩሉ ነገር ዕቑንን ምጡንን እዩ ፡ ኩነታት ከኣ በቲ ኣላዩ ዘዉጽኦ መደባት ብልክዕ ይኸይድ። ክሳብ ሓንቲ ቅላዕ ንኽንደይ ንዉሓት ግዜ ትኸይድ ቁሙር (calculated) እዩ።

- ኣብ ድራማ ግን ኩሉነገር ብቐጥታ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ስለ ዝካየድ ነቲ ምርኢት ህይወት ዘለዎ ይገብሮ፡ ከምቲ ናይ ፊልም ዝኸይድ ጥቡቕ ቁጽጽር ዉን የብሉን።
- ሎሚ ብዙሓት ወገናት ምዕባለ ቴክኖሎጂ፡ ን ድራማ ካብ ስራሕ ወጻኢ ጌርዎ ኣሎ ኢሎም ዝምጉቱ ኣሎዉ። ፊልም ካብ ድራማ ንላዕሊ ብዝሒ ቀረብ ስለ ዘለዎ ዝበዝሑ ዓማዊል ናይ ድራማ ናብ ፊልም ገጾም ይግዕዙ ኣለዉ ዝብሉ

- ከምቲ ናይ ካሜራ ስእልታት፡ ንህቡብነትን ኣድላይነትን ቅብኣ ክብሕጉግዎ ዘይከኣሉ፡ ድራማታት'ዉን ዳግመ ትንሳኤ ጌሮም ፡ ምስ ፊልምታት ተማላላእቲ ዝኾኑሉ እዋን ክመጽእ ድልየት ናይ ኩሉ ቤተ ሰብ ስነ ጥበብ እዩ።